# ሓባራዊ መግለጺ ኹነኔ ብሕዝባዊ ምንቅስቓሳት ሕ.መ.ኣ፣ ካናዳ፣ ዓባይ ብሪጥንያን ደንማክን

ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ዜጋታት ተቀማጦ እስራኤል ዝተፈጸመ ዘስካሕክሕ ኢሰብኣዊ ፍጻመ ኣዝዩ ዘሐዝንን ባርባራውን ፍጻሜ ምዃኑ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ንኹቡር ሃይማኖታዊ እምነታት፡ ባህሊ፡ ሕግን ወግዕን ኣፈታትሓ ግጭታትን ፍልልያትን ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ዘይውክል ስለዝኾነ፡ ብትሪ ንኹንኖ። እዚ ከም'ዚ ዓይነት ፍጻመን ባህርያትን፣ ብሃንደበት ዝመጸን ብቐሊሉ ዝፍወስን ከምዘይኮነ ድማ ኩሉ ኤርትራዊ ክነቕሓሉን ኣብ ምዕራዩ ክሰርሓሉን ይግባእ። ዋላ'ኳ ክቡር ባህልታትን ወግዕታትን ሃገርና ክንዕቅቦ ብዘይ ምኽኣልና ኩላትና እንሕተተሉ እንተኾነ፡ ብቐጥታን ብተዘዋዋርን ኣብ ሃገርና ዘሎ ዘይቅርዑይን ዘይወግዓውን ስርዓት ህግደፍ ዝሕተተሉ፡ ፍንፉን ናይ ታሪኽ ፍጻሜ ብምባል ንኹንኖ።

ስለ'ዚ መን እዩም ፈጸምቱ፡ መን እዩም ከ ጉድኣት ዝወረዶም ወገናት ከይበልና፡ ሃይማኖታዊ እምነቶም ይኹን ፖለቲካዊ መትከላቶም ብዘየገድስ፡ ንከም'ዚ ዓይነት ተርእዮታት ካብ ሕግን ወግዕን ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ወጻኢ ስለ ዝኾነ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ብውልቂ ኮነ ብሓባር ዓገብ ክብሎን፣ ንዘጋጥም ኩሉ ዓይነታት ፍልልያት ብሕግን ልዝብን ክፍታሕ ከምዘለዎ ንጽውዕ። ብፍላይ ኣብ እስራኤል ትርከቡ ኤርትራውያን ካብ ማእሰርትን ባርነትን ቅትለትን ስርዓት ህግደፍ ኣምሊጥኩምም ተፍቅርዋ ሃገርኩምን ህዝብኹምን ራሕሪሕኩም ብኣዝዩ ኣሰቃቒ ናይ ስግረ-ዶብን ናይ ሲናይ መከራን ሓሊፍኩም እስራኤል ድሕሪ ምእታውኩም ከምዚ ዓይነት ኣነወርቲ ፍጻመታት ኣብ መንጎኹም ብተደጋጋሚ ምኽሳቱ ዘሰንብድን፡ዘጉህን እዩ።

ዘራጊ ከሎ ጽሩይ ማይ ነይስተ ከም ዝተባህለ፣ ስርዓት ህግደፍ ነዚ ክቡር ባህሊ ዘለዎ ሕብረተሰብ ኣብዘዝኸዶ፣እግሪ እግሩ እንዳሰዓበ ሰላሙ ይዘርግ ከምዘሎ ዘእንፍት እዩሞ ሃየ ድኣ ልቢ ንበል። ኣብዛ ጸልማት እዋን፣ ኣብ እስራኤል ኮነ ኣብ ካልእ ክፍሊ ናይ ዓለም እትርከቡ መራሕቲ ሃይማኖታት፣ ብፍላይ ከኣ ተኸተልቲ ኦርቶዶክሳዊ-ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፣ በዚ ኣጋጣሚ፣ ነቲ ጌጋ ጌጋ፣ ነቲ ቅኑዕ ከኣ ቅኑዕ ኣንዳበልኩም፣ ንርእሲ ኦርቶዶክሳዊት-ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ ዝኾኑ ኣቦ፣ ግን ከኣ ብናይ ስርዓት ህግደፍ ዉዲት ኣብ ማሕዩር ዝርከቡ፣3ይ ፓትሪያርክ ኣቡነ ኣንጦንዮስ ኣብ ጸሎትኩም ንቕዳሴታትኩምን ብስሞም እንዳጸለኹምን ኣብ ጎድኒ ዉጹዕ ህዝብኹም ብምኻን ብርሃን ኩኑ።

ካብ መጋበርያ ስርዓት ህግደፍ፣ ምኳን ዝኸፍእ ገሃነም የሎን እሞ፣ ንህዝብኹም ብቃል ኮነ ብግብሪ መሪሕ ክትኮኑ ንምሕጸነኩም። ጽባሕ ኣምላኽ ኮነ ሕዝቢ ኤርትራ ክጥይቀኩም እዩ። ኣብ መወዳእታ፡ ጻውዒትና ንኹሎም ኤርትራውያን፡ ነባሪ ህዝቢ እምበር ነባሪ ስርዓት ከምዘየለ ብምእማን፡ ኣብ ነንሕድሕድና ኢድና ካብ ምልዓል ተቖጢብና፣ ብፍቅሪ፡ ብሓድነት ሓደ ብምኻን ክብርታትና ነውሕስ። ዋናታት ጎነጽን ዓመጽን ዘይኮናስ፣ ወነንቲ ሕግን ስርዓትን ክንከዉን ከምዘለና ንላቦ። ብሰንኪ እዚ ሕሱር ፍጻሜ ዝሓለፈት ነፍሲ እንዳ ሓዘና፣ንመዋቲ መንግስተ ሰማይ፣ ንቤተሰብ ጽንዓት ይሃብ እንዳብልና፣ ነቲ ኣብ ጸሎት ከሎ ኣደራዕ ዝወረዶን ካልኦትን ምሉእ ምሕረት እናተመና ድጋፍና ንገልጸልኩም። ከምዚ ዓይነት ተርእዮታት ደጊሙ ከይክሰት ድማ ንኹሉ ተቀማጣይ እስራኤል ንምሕጸን።

ምልኪ ይፍረስ፡ ፍትሒ ይንገስ

ባይቶ ይኣክል ሕ.መ.ኣ.
ጽላል ይኣክል ካናዳ)
ባይቶ ይኣክል ዓባይ ብሪጣንያ
ጽላል ይኣክል ደንማርክ